ካብ ተመኩረይ ከምዚ ክብል,እቶም ሰብ ሕልና ዓበይቲ ናእሽቱ, ካብ ሓዲሽ ውዲት ንጠንቀቕ, ካብ ኢትዮጵያ ዝብገሰ ኤርትራዊ ፍታሕ የለን ውዲት እንበር፡፡

ነዚ ስእልታት ሪኢኹም ፍረዱ
ብመን ተወኪሎም የም ንሸዋ ዝኸዱ
ደገፍ ንህግደፍ ዶ ንኣርዮስ ከውርዱ,



ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ በዓል መንየም ዝጠለሙ
በዓል መንየም ብልሳን ጎዶቦና ዝዳዝሙ
ዓዲ ዋዕሮታት ጀጋኑ ብተደጋጋሚ ከባደሙ
መራሒ ጭፍራ ህግደፍ ኢሰያስ ኣፈቀርቂ ሸሙ,



ንኹሉ ተኻታቲለ ኣንቢበ
ንስእሊ ታቶም ኣኻኺበ
ንከማይ ሕሙማት ኣረኪበ,

ደቂ ኤረይ ዓገብ በሉ
ማዓስ ግበር ተባሂሉ
በርሀ ዝገጥም ንኹሉ
ዝጽሕፎ ንነብሱ ወኪሉ,

እዚ ሉኩይ ካሕዳይ
ንጥፍኣትና ንኹሉ ሕራይ
ውክልና ከይሃበካ ህዝበይ
ገበን ዩ ተሐሪኻ ምጉያይ,

ን27 ዓመት ዲሂኹ

ህዝቢ ከጥፍእ ኣስሊኹ
እነሆ ምስ ግብጺ ዓሪኹ,

ንደብሪ ካህን ዓጣኒኡ
ንቅሕት ኣብ ዘይ ቦቱኡ
ንልእላውነትና ዝጻቡኡ
ኣርዮስ ምስ ጉጅሉኡ,

ኤርትራ ን30 ዓመታት ደምያ
ህዝባ ፋሕ ይብል ኣሎ ብዝርያ
ብኢድ ኣዞር ን27 ዓመት በኺያ,

ክሳብ ማዓስ ክንዳናገር
ናዓና መስል ደቂ ሃገር
ከይብሉና ንሕበር
ሃገራዊያን ንባራበር,

ንሕና ክንዲ ንጥርነፍ ንራባሕ
ብውዲት ንብል ፋሕ ፋሕ
ንሱ ንዝኣመነ ኣሚኑ ይምካሕ
ሰብ ዶ ብዘይ ቅዋም ንምራሕ,

ጉጅለ ህግደፍ ምስ ኮነ ፈራዲ
መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ዕርዲ
ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ ኣላ ዓዲ

የድልየናሎ ብልሓት
ካብ ክልተ ጎራሓት
ፍታሕ ኣይንጸበ ኣሐት,,

ውድቀት ንመዕነውቲ
ወትሩ ካብ ጥንቲ
ኤርትራ ዕይንቲ
ክብትኑኺ ብስልቲ,

ኤርትራ ኩሉ ጠማቲኣ
ኣርዮስ ስለ ዘይኮነ ዋናኣ
ሃየ ኣማሳሚሉ ክየጥፍኣ
ነድሕና ኣብዛ ዓመት እዚኣ,

ኤሊት በቋራጭ ሕልኮ ግደፍዎ
ነዚ ሕያዋይ ህዝቢ ኣይትበድልዎ
ኣብ ሐቐኛ ለውጢዩ ረብሐ ዘለዎ,

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብበርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ስዕረት ንጉጅለ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡